**Kanton Bern**
**Canton de Berne**

Bildungs- und Kulturdirektion
Amt für Kindergarten, Volksschule und Beratung
(ክፍሊ ፍሉይ መደብ መባእታ ቤት ትምህርቲ
ቤት ጽሕፈት መዋእለ ሕጻናት፣ ቤት ትምህርትን ኣማኸርትን)

Sulgeneckstrasse 70
3005 Bern
+41 31 633 84 51
akvb.bkd@be.ch
www.bkd.be.ch

Bildungs- und Kulturdirektion, Sulgeneckstrasse 70, 3005 Bern

ናብ ናይ ዝሰፍሐ ደገፍ (eU) ዝረኸቡ ቆልዑን መንእሰያትን ወለዲ

ምልክትና: 2023.BKD.1231 / 1477762

በርን፣ 22. ሚያዝያ 2024

**ለውጢ ኣብ ዝሰፍሐ ደገፍ (eU) ኣብ ስሩዕ ቤት ትምህርቲ**

ዝኸበርኩም ወለዲ

ካብ ነሓሰ 2024 ጀሚሩ ኣብ ዝሰፍሐ ደገፍ (eU) ለውጢ ክህሉ እዩ፣ እዚ ብወገን ናይ ትምህርትን ባህልን ቤት ጽሕፈት ካንቶን በርን (BKD) ንኹሉን ስሩዓት ቤት ትምህርታት ዝተወሰነ እዩ። ኣብዚ እዋን ዘሎ ኣሰራርሓ ክመሓየሽ ኣለዎ፣ ምእንቲ ዝበዝሑ ቆልዑ ካብኡ ክረብሑን እቲ ቤት ትምህርቲ ነቲ ዘሎ ጸጋ ብዝሓሸ ተዓጻጻፋይነትን ከም ኣድላዪነቱን ክጥቀም ምእንቲ ክኽእልን። ንቆልዓኩም እውን ምናልባሽ ዝቐየር ነገር ክህሉ ይኽእል እዩ።

ኣብዚ እዋን ጓልኩም/ ወድኹም ብተወሳኺ ብ eU ኣብ ቤት ትምህርቲ ይሕገዝ እዩ። እቲ ቤት ትምህርቲ እዚ eU ክቕጽል ዘለዎ እንተኾነ ምሳኹም ክማየጥ እዩ። ቆልዓኹም ድሕሪ ናይ ትምህርቲ ዓመት 2023/2024 እውን ቀጻሊ ዝድገፍ እንተኾይኑ፣ እቲ ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ ምናልባሽ ድሮ ነጊሩኩም ይኸውን። ከምኡ እንተኾይኑ ከም ዘለዎ እዩ ዝቕጽል።

በዚ eU ቀጻሊ ናይ ቆልዓኹም ናይ ሓገዝ ድልየት ይከታተል እዩ። ኣብ ልዕሊኡ እውን እቲ ቤት ትምህርቲ ኣብ መጻኢ እዋን ንበዳህቲ ኩነታት ብዝሓሸ መገዲ ክኣልዮ ይኽእል። ናይ ዝሰፍሐ ደገፍ ትምህርቲ ብምምሕዳር ቤት ትምህርቲ ንኣሸጋሪ ኩነታት እውን ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉ ይኽእሉ እዮም። እዚ ማለት፣ ብናይ eU-ትምህርቲ ዝግበር ደገፍ በብሓደ፣ ብጉጅለ ወይ ድማ ንምሉእ ክፍሊ ክወሃብ ይኽእል እዩ።

ንትምህርቲ ዝሰፍሐ ደገፍ፣ ኣብ ናይ ኣተዓባብያ ኣማኸርቲ ማእከል (EB) ምጽራይ ኣድላዪ ኣይኮነን። ናይቲ ቤት ትምህርቲ ምምሕዳር ነዚ ይፈቕድ እዩ።

እዚ ዝሰፍሐ ደገፍ ንቆልዓኹም ድሕሪ ኣርባዕተ ሰሚስተር እውን ክናዋሕ ዘለዎ እንተኾይኑ፣ እቲ ቤት ትምህርቲ ምሳኹም ክማየጥ እዩ። ካብዚ እዋን ጀሚሩ ንቆልዓኹም ኣብ ሓደ ናይ ኣተዓባብያ ኣማኸርቲ ማእከል ምምዝጋብ ኣገዳዲ ዝኸውን፣ ሓደ ዓቢ ዝኾነ ዝተቐየረ ናይ ምድጋፍ ኣድላይነት ዝተጠርጠረ እንተኺይኑ እዩ።

ሓፈሻዊ ሕቶ ብዛዕባ ዝሰፍሐ ደገፍ ዘለኩም እንተኾይኑ፣ ምስታ ዝምልከታ ሰራሕተኛ ናይ BKD፣ ወይዘሮ ሳቢነ ሉቶልፍ፣ sabine.luetolf@be.ch resp. ተራኸቡ 031 636 84 72።

ብፍላይ ንቖልዓኹም ዝምልከት ሕቶ ምስ ዝህልወኩም፣ ብኽብረትኩም ብቐጥታ ነቲ ዝምልከቶ ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ ተወከሱ። እሱ ንዓኹም ብዛዕባ እቲ ኣብ ትምህርቲ ንኸውዕል ተመዲቡ ዘሎ ናይ ዝሰፍሐ ደገፍ ትምህርቲ ይሕብረኩም እዩ።

ቆልዓኹም ነቲ ብዝተኻእለ መጠን ዝበለጸ ደገፍ ክረክብን ክሕገዝን፣ ን BKD ከምኡ እውን ንቤት ትምህርቲ ኣገዳሲ እዩ።

ነቲ ቀጻሊ ንረብሓ ቆልዓኹም ምስ ቤት ትምህርቲ ትገብርዎ ጽቡቕ ምትሕብባር ካብ ልቢ ከመስግነኩም እፈቱ።

ሕውነታዊ ሰላምታ

ቤት ጽሕፈት መዋእለ ሕጻናት፣ ቤት ትምህርትን ኣማኸርትን

Erwin Sommer
ኣቦ መንበር